# ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ ዝኾነ ነገር ከወፌ ቅሩብ እዩ።

**ንባባት፡ ኤር 31፡ 31-34፥መዝ. 50፡3-15፥ዕብ 5፡7-9፥ዮሓ፡20-30**

አብዚ እዋን ጾምና ጀሚርና፥ ጉዕዞ ንስሓን ሕድገት ኃጢአትን ሀ ኢልና ጀሚርናዮ አሎና። ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ ዝኾነ ነገር ከወፌ ቅሩብ ምኳኑ አሚና ጾምና ንጀምር አሎና። ክርስቶስ ሎሚ እውን ክመርሓኒ ናቱ ኽገብረኒ እሞ ተኻፋላይ ጸግኡ ኽገብረኒ ድላዩ እዩ። እምነትና ከም ዝገልጸልና አምላኽ ኩሉ ጊዜ ክንድሕን ናቱ ጥራሕ ክንከውን ምስደለየ እዩ። ቤተ ክርስትያን ክሕግዘና ኢላ በብእዋኑ ጊዜ ጾም፥ ዘመነ ምጽአት፥ ዘመነ ልደት፥ ዘመነ ትንሣኤ ወዘተ እናበለት ዝተፈላለየ መደብ ትሰርዓልና። ባዕሉ ክርስቶስ ክንድሕን ድላዩ ከምዝኾነ አብ ዝተፈላለየ እዋን ገሊጹልና ቅ. መጽሓፍ ነዚ ገሊጹ ይነግረና። ኦ ፍጡረይ አበሎኻ/ኺ እናበለ ንነፍሲ ወከፍና ብስምና አብ መአዲ ድኅነት ክንሳተፍ ይጽውዓና አሎ። ስለዚ ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነትና ኩሉ ነገር ከወፌ ቅሩብ ካብ ኮነ ንሕና እውን ብወገና ምሉእ ድላይ ገርና ዘሎና ኩሉ ክነወፍየሉ ኢልና ቅሩባት ክንከውን ይግባእ።
አብ ትንቢተ ኤርማያስ 31፡32-34 እንተ አንበብና ናይ አምላኽ ቀጻሊ ቁሩቡነት አብ መንጎና ክኃድር ንርኢ። ከምኡ አብ መንጎና ክገብሮ ዝደሊ ሓዲስ ነገር ከምዘሎ እውን የዘኻኽረና። ምስኦም ሓዲስ ኪዳን ክተክል እየ፥ ኃጢአቶም ድማ ድኅርዚ አይክዝክሮን እየ፥ አነ አምላኾም ክኸውን እየ ንሳቶም ድማ ሕዝበይ ኪኾኑ እዮም እናበለ ነቲ ሓዲስ ኪዳን ይገልጾ። አምላኽ ነቲ ብዘይ ምምእማኖም ዝዓነወ ርክብ ንጎኒ ሓዲጉ ክዕረቐም ምስኦም ሓድነት ክፈጥር ዕድል ይኸፍት። ነቲ ዝፈረሰ ክርክብ ክዕርዮ ድላዩ ይገልጽ።
ብወገና ነዚ ሓዲስ ኪዳን ክንቅበሎ ስንድዋት ክንከውን አሎና። እዚ ሓዲስ ኪዳን ምስ አምላኽ ድሕነትን ሕይወትን የቕርበልና። ጉዕዞ ጾምና እናጀመርና ከሎና አምላኽ ነቲ ዝሃቦ ተስፋ ክዉን ከምዝገብርን ወላ ሓደ ክዓግቶ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ ክንፈልጥ ይግብአና። ንሱ ዝሓተና ነዚ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝእቶ ሓዲስ ኪዳን ክንቅበል ቅሩባት ምኳን ጥራሕ እዩ። ዕርቡን ድሕነትና ተኸፊሉ እዩ፥ ደቂ ሰብ ነዚ አምላኽ ዝገበረልና ርኢና ምስኡ ክንዕረቕን ሕይወትና ክንቅይር ሕራይ ንበል።

አብ መልእኽቲ ዕብራውያን 5፡7-9 ነቲ አብ ጌቴሰማኒ ቅድሚ ሕማማቱ ዘሕለፎ ስቓይ እናዘከረ ንሕና እውን ነዚ ተመክሮ ክነቅልበሉን ክነስተንትኖን እንከሎና ዓቢ ጦብላሕታ ከም እንገብር ይሕግዘና። ነቲ ክርስቶስ ምእንታና ኢሉ ዝገበሮ ዓቢ መስዋዕቲ ሕይወቱ የዘኻኽረና። መጀመርያ እዚ ነቲ ናይ ሰማያዊ አብኡ ተስፋ ከማልእ ኢሉ ዝገበሮ እዩ፥ ካልአይ ንአና ከድሕን ኢሉ እዩ። በቲ ዝተቐበሎ ስቓይ እዙዝ ምኳን ተማህረ፥ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኹላቶም ናይ ዘለዓለም ድኅነት ምኽንያት ኮኖም።

ክርስቶስ ሎሚ እውን ብፍላያ አብዚ ጾም አብ እንጅምረሉ ዘሎና ብሕይወት ምእንቲ ክነብር ነዚ ዋጋ ክኸፍል ፍቓደኛ እዩ። ነዚ ዘተግብሮ ኸአ ብጸሎቱን ምእንቲ ደቂ ሰብ ኢሉ ብዝገብሮ ስቓያቱን እዩ። ነቲ ኹሉ ዝገብሮ ብዓብይ ትሕትናን ተአዝዞን እተን ቀንዲ ብሕይወት ክንቅጽል ዝሕግዛና ጸጋታት እየን። ብዘይካ እዚ ክርስቶስ ነቲ ሓዲስ ክዳን ተግባራዊ ኮይኑ ክርከብ ከቢድ ይግበሮ።

ሎሚ ከም እንርእዮ ዘሎና ክርስቶስ ክህነታውን አምላድነታዊ ተርኡ ይቕጽሎ አሎ እዚ ኸአ ንሕና አብ መዓልታዊ ጉዕዞ ሕይወትና ነቲ ዝጓነፈና ፈተናታት፥ ስደትን ምጥርጣራትን ብትብዓት ምእንቲ ክንወጽአ እዩ። ካብ ተመክሮኡ ክንምሃሮ ዘሎና ስቓይ ግድነትን አብ ሕይወት ዘይተርፍን እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከአ ከም ክርስቶስ ብእኡ ምልአት ክንረክብ ኢና።
አብ ወንጌል ዮሓንስ 12፡20-30 ግሪኻውያን ንኢየሱስ ክርእዩ ሓቲቶም። ንኢየሱስ ክንርኢ ክንፈልጥ ሰባት ክሕግዙና ክንሓትት አሎና። እዞም ግሪኻውያን ዝሓተትዎ ግዙፋዊ ምርአይ አይ ኮነን፥ ንኢየሱስ ምርአይ ማለት ብምሉእ አብ ሕይወት ኢየሱስ አብ አተሓሳስብኡ፥ ስለምንታይ ክሳቐ ክመውት ክትንሥእ ከምዘለዎ ምርዳእ ማለት እዩ። ከምቲ ፍረ ስርናይ ኢየሱስ ኩሉ ክሓልፍ ወላ ሕይወቱ ክሓድግ አለዎ እዚ ኸአ ንገዛእ ርእሱን ንኻልኦትን ሕይወት ከምጽአሎም። አብቲ መስርሕ ንሕናን ንሱ ክንቅየር ክንልወጥ ኢና። ነዚ ከም ቀንዲ ሕይወት ኢየሱስ ገርና ክንርኢ እንተ ዘይክአልና ንኢየሱስ ክንርእዮ አይንኽእልን ኢና። ኢየሱስ ቀጺሉ ሓደ ዓይነት አተሓሳስባ ክህልወና ይደሊ።

እቲ ንሕይወቱ ዚፈትዋ ኬጥፍአ እዩ፥ እቲ ንሕይወቱ አብዛ ዓለም ዝጸልአ ግና ንዘለዓለም ሕይወት ክሕልዋ እዩ። አብ ታሪኽ ብዙሓት ሃብታማት ከም ሃዋርድ ሁገስ ሚልዮኔር ብፍርሒ ተዋሒጡ እንከሎ ዝሞተ ዝአመሰሉ ገንዘብ ሃብቲ ዋሕስ ከምዘይኮነና ይገልጽልና። እቲ ሕይወቱ አብ አምላኽ ዝውከል ዝያዳ ሕጉስ ሕይወት ይነብር። አብ ኢየሱስ ክንቀርብ ንደሊ እንተ ኾናመግዱ ክንከይድ አሎና። ዝኾነ

ዘገልግለኒ ረድኣይ እዩ ክስዕበኒ ኣለዎ፥ ኣብቲ ኣነ ዘልኾዎ ኣገልጋሊኣይ እውን ኣብኡ ክህሉ እዩ ይብለና። ምስ ኢየሱስን ማርያምን ንኹሉ ጉዕዞ ቀራንዮ ምኻድ ኣብኡ እዩ እቲ ምልኣት ሓጎስ ዝርከቦ።

ኢየሱስ ኣብዚ ወንጌል መወዳእታና እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ገሊጹ ይነግረና። ክርስቶስ ባዕሉ ከምዚ ይብለና፥ ወዲ ሰብ ዝኸብረላ ሰዓት በጺሓ እያ። ኣብ ስቓይ እንታይ ክብረት ኣልዩ እዩ ነዚ ዝብለና ዘሎ? ንሱ ክትሓዝ ክቕጻዕን ክቕተልን እዩ ግን ብዛዕባ ክብረት ይዛረብ። እቲ ምስጢር ኢየሱስ ኲኖ እቲ ናይ ስቓይ ደበናን ጸገማትን ድሕሪኡ ዘሎ ዓወትን ሕይወትን እዩ ዝርኢ ዘሎ። ሰብ ነዚ ክገብር እንከሎ ጥራሕ እዩ ዝዕወት። ኲኖ ጸልማት ብርሃን ከም ዘሎ ድሕሪ ሞት ሕይወት ከምዘሎ፥ ድሕሪ ኲናት ሰላም ከምዘሎ፥ ድሕሪ ጥመት ጽጋብ ከምዘሎ ገሩ ጉዕዞ ሕይወቱ እንተ ቐጸለ ከም ዝዕወት ርግጽ እዩ። እቲ ጸገም ሰብ ይደክም ተስፋ ይቖርጽ እሞ ኣብ መንጎ ነቲ ጉዕዞ ድሕነት ይሓድጎ ሽው መፍቶ ሰይጣን ይኸውን። ኢየሱስ ግን ኲኖ ዝጓነፈና ጸገማት ዘሎ ክብሪ ርኢና ንኽፍኣትን ኃጢኣትን እምቢ ክንብል ይደልየና።
ኢየሱስ ሕማማቱን ሞቱን ንብዙሓት ሕይወቶም ከምዝሕድስ ይፈልጥ እዩ። ስለዚ በቲ ግዝያዊ ስቓያት ኣይዕንቀፍን እዩ። ብኣንጻሩ በቲ ሓቀኛ ሕይወት ተተባቢዑን ተለዓዒሉን ንዘለዓለማዊ ሕይወት ከም ዝወስዶ ይፈልጥ ነሩ። ክርስቶስ ሓዘኑን ሕይወቱን ነቲ ዝተበትከ ኪዳን ክሕድስን ዘለዓለማዊ ሕይወት ነቶም ኲሎም ብኣኡ ዝኣምኑ ከውሕስ ገርዎ። ከምዚ ኸኣ ይብል ፍረ ስርናይ ኣብ ምድሪ ወዲቓ እንተ ዘይሞተት በይና እያ እትነብር እንተ ሞተት ግን ግና ብዙኅ ፍረ ከም እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።
ሰብ ንምቾቱን ንኹሉ ይጥዕመኒ ዝብሎ ከይ ቀበረ ክሕጎስ ተስፋ ክረክብ ኣይክእልን እዩ። ሰላም ቅሳነት ሓጎስ ዝርከብ ነቲ ግዝያዊ ጣዕሚ ዓለም ኣብቲ ዘሎናዮ ጥራሕ ከም እንነብር ዝገብረና ክንቀብሮ ካባና ክንኣልዮ ኣሎና። ኢየሱስ ነዚ ከርድኣና ኢሉ ናይ ስርናይ ኣብ መሬት ዝወደቐት ገሩ የረድኣና። ክንሕደስ ክንመወት ክንቕበር ኣሎና። ኣብ ታሪኽ ዓበይቲ ነገራት ዝተረኽቡ ሰባት ስለ ዝሞቱ እዩ። ሕይወት ክነጥፍኣ ከሎና ኢና እንረኽባ። እቲ ክመወት ዘይደሊ ክልተ ሓሳባት ሒዙ እዩ ዝጉዓዝ ብንኣይ ይጥዓመን ሃረርታ ዋሕስ ናይ ምርካብ ድለትን። ሰብ ካብዚ ክወጽእ እንተ ኸኣለ ጥራሕ ትርጉም ዘለዎ ሕይወት ክነብር ዝኽእል።
ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ብዙሓት ካባና ነዚ መገዲ ክስዕብዎ ወይ ክፈትውዎ ኣይደልዩን። ኢየሱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ብርቱዓትን ጽኑዓትን ክንከውን ይዕድመና። ስለዚ ከምቲ ንሱ ንኹሉ ስቓይ ዝጾረ ንሕና እውን ዕለት ዕለት ኣሰር ኣሰሩ ክንክተሎ ኣሎና። ትዕግስትን ምስትውዓልን ገርና ሕይወትና ክንመርሕ ኣሎና። እናተዛነኻ መገዲ ክርስቶስ ክትሕዝ ቀሊል ኣይኮነን። ከምቲ ስርናይ ምስተዘርአ ዝመውት እሞ ፍረ ዝፈሪ ንሕና እውን ክንፈሪ ክንመውት ኣሎና። ብግብሪ ክንርእዮ እንተ ኾና ዕለት ዕለት ንመወት ንሓቂ ንፍትሒ ደው ክንብል እንከሎና፥ ንኃጢኣት፥ ንብልሽውናን ንዘይሞራላዊ ሕይወት እምቢ ክንብል ከሎና።
ጾም ነቲ ካብ ኣምላኽ ክፈልየና ዝፈታተነና እምቢ ኢልና ንኣምላኽ ሕራይ እንብለሉ እዋን እዩ። ሥጋና ድኹም ስለ ዝኾነ ክምለኽ ክግዛእ ኣይደልን እዩ ስለዚ ክንደክም ክንጽዕር ኣሎና። ጾም ከም ሓደ ስፖርት እንለማመዶ እዩ ክሳብ ትለምዶ ከቢድ እዩ ምስ ለመድካዮ ግን ጥዑም እዩ። ንኣብነት ጸሎት ምግባር ዘይለመድና እንተ ኾና ክንጽሊ ኣይንደልን ቀስ ብቐስ ጣዕሚ ጸሎት ምስ ፈለጥና ግን ካብኡ ዝጥዕም የለን። ሥጋና ንዝደልዮ ክንሕረሞ ጻዕሪ ንግበር።
ብርግጽ መዓልታዊ ሞትና ብኣካል የድክመና እዩ ግን ብመንፈሳዊ ሕይወትና የበርትዑና። ኣብዚ ቅዱስ እዋን ጾም ምስ ክርስቶስ ኣብ እንጉዓዘሉ ዘሎና ናይ ስቓያቱን ሞቱን መንፈስ መዓልታዊ ከበርትዓና ኣለዎ። ኲሉ ጊዜ ምእንቲ ክርስቶስን ምእንቲ ካልኦትን ኢልና ብቐጻሊ ክንሳቐ እንከሎና ክብረት ከምዘለዎ ንርእስና ክነዘኻኽር ኣሎና። ከምቲ ክርስቶስ ከድሕነና ኢሉ ዅሉ ነግር ክገብር ዝደሊ ንሕና እውን ንክርስቶስ ክንመስል ናቱ ክንከውን ኲሉ ዝክኣለና ንግበር።

ኣባ ንጉሥ ፍሥሓ